ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ንቤት ፅሕፈቱ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ኣቕሑት መሳርሒ ህንፃ፣ ባህርዛፍ፣ ኣቕሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣቕሑትን ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ፤

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሚያዝያ 28, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 7, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
- ቦታ:ራያ ኣላማጣ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 7, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

1 ናይ 2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲን ግብሪ ዝኸፈለን፣ናይ መቅረባይነት ዘለዎ ምኻኑ መረጋገፂ ዋናን ቅዳሕን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ከቅርብ ዝኽእል ፤

2 መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ ተመዝጋቢ ምኻኑ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል፤

3 መኸበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ወይ ሲፒኦ ከትሕዝ ዝኽእል፤

4 ተጫረቲ እዚ ምልክታ ካብ ዝተጋወሐሉ ዕለት ጀሚሩ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ቅርሺ) ብምክፋል ደ/ከ/ስ/ዐ/ፋ/ምም/ር/ንብረት ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ እናመፃእኩም ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም።

5 እዚ ጨረታ ካብ 22/08/2011ዓ/ም ክሳብ 07/09/2011ዓ/ም ቀዳምን ሰንበትን በዓል ሓዊሱ ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ እዚ ጨረታ 07/09/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡30 ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይኽፈት።

6 ዝሰዓረ ተጫራታይ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ውዕሊ ይኣስር።

7 ነዚ ጨረታ ከዛብዕ ዝፈተነ ተጫራታይ ካብ ምብራር ሓሊፉ ኣብ ዝኾነ ጨረታ ከይሳተፍ ደብዳቤ ይፅሓፈሉን ቢድ ቦንዱ ይውረስን።

8 እዚ ጨረታ ምስተከፈተ ካብቲ ጨረታ ምግላል ኣይፍቀድን።

9 እዚ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

10 ናይ 2ይን 3ይን ሰዓራይ ክሳብ 1ይ ሰዓራይ ውዕሊ ዝኣሰር መኸበሪ ጨረታ (ቢድ ቦንድ) ተተሓሒዙ ይፀንሕ።

11 እቲ ጨረታ 20 ሚኢታዊ ናይ መቅናስን ምውሳክን መሰል ኣለዎ።

12 ጨረታ ዝካየደሉ ቦታ ኣብ ቤት ህንፀት ራያ ኣላማጣ ኣብ ሓዱሽ ፕሮጀክት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0914-785717/0931/273282/0347-740587 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል፤

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle